ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
Executive Committee
ensf.info@gmail.com

# ቃል መሪር ሓዘን ብመስዋእቲ
# ሓርበኛ ኢማም ኣቡበከር

ህዝቢ ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ሓደ ካብ'ቶም ጽኑዓት ደቁ ሓርበኛ ኢማም ኣቡበከር ብሰንበት ዕለት 22/08/2021 ኣብ ግብጺ ከተማ ካይሮ ብሞት ብምፍላዩ ዓቢ ክሳራ ኣጋጢሙዎ።

ሓርበኛ ኢማም ኣቡበከር፣ ካብ'ቶም ኣብ ንኡስ ዕድሜኦም ኣብ መሳርዕ ሃገራዊ ቃልሲ ዝተሰለፉ ሃገራውያን ኢዩ። ኣብ መስርሕ ቃልሲ ድማ ብጽንዓቱን ብተዋፋይነቱን ዝተፈልጠ ተባዕ ኤርትራዊ ኢዩ።



ሓርበኛ ኢማም ኣቡበከር፣ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ ብጅግንነት ተቓሊሱ። ሓድነት ተቓወምቲ ሓይልታት ንምርግጋጽ'ውን ብቐጻሊ ካብ'ቶም ዓቢ ኣበርክቶ ዝነበሮም ሃገራውያን ምንባሩ ኩሎም ብቐረባ ዝፈልጥዎ ተቓለስቲ ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ።

ዝምድንኡ ምስ መሪሕነትን ኣባላትን ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ፍሉይን ዕዙዝን ምንባሩ ብዓቢ ኣኽብሮት ንወትሩ እናዘከርናዮ ክንነብር ኢና። ከምኡ'ውን ሓርበኛ ኢማም ኣቡበከር ሓደ ካብ'ቶም መሪሕ ሃገራዊ ተራ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዛዝ ከይሰልከዮ ዝተቓለሱ ሃገራውያን ኢዩ ነይሩ።

ሓርበኛ ኢማም ኣቡበከር ምስ ኩሎም ሃገራውያን፣ ዋላ'ውን ኣብ ርእይቶ ምስ ዝፍለይዎ ባእታታት፣ ንምልዛብን ንምዝታይን ወትሩ ቅሩብ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ርእሲኡ'ውን መንእሰያት ሃገርና፣ ሓርነትን ፍትሕን ዲሞክራስን ኣብ ኤርትራ ንምርግጋጽ፣ ኣብ ዓውዲ ሃገራዊ ዕዩ ብትግሃት ክሰርሑ ብቐጻሊ የተባብዕ ነበረ።

ብሞት ሓውና ሓርበኛ ኢማም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ብስም መላእ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ንኩሎም ቤተ ሰብን፣ ንመሪሕነትን መሰረታትን ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሕን ንኹሎም ሃገራውያን ተቓለስትን ጽንዓትን ኣኻእሉን ክህበናን፣ ንስዉእ ኢማም ድማ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ጀንኡ ክቕበሎን ናይ ወትሩ ጸሎትና ኢዩ።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
25 ነሓሰ 2021